Metropolitan Archeparchy of Asmara

PAENITENTIARIA APOSTOLICA

# ቤት ጽሕፈት ሓዋርያዊ ሥርየት ኃጢአት

## መደብ ሥርየት ኃጢአት ንዓመተ ኢዮቤል 2025

ምዱብ ሥርየት ኃጢአት ዝበሃል፡ ካብ ናይ ጐይታና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ትሩፋት ዝርከብ፡ ምድራዊ መቕጻዕቲ ኃጢአት ንምድምሳስ ብመንገዲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ንኣመንቲ ዝወሃብ ጸጋ ኢዩ።

እዚ ሥርየት ኃጢአት እዚ፡ ኣቐዲምካ ብንስሓ ካብ ኣምላኽ ምሕረት ንዝረኸብካሉ ኃጢአት ጥራይ ኢዩ ዘመልክት። ምዱብ ሥርየት ኃጢአት ንነፍሲ ኣማኒ ልክዕ ሕጂ ጸጋ ጥምቀት ክርስትና ከም ዝተቐበለ ገይሩ የንጽሓ። ኣብ ዓመተ ኢዮቤል ዝወሃብ ጸጋ ሥርየት ኃጢአት፡ ኣብ ንስሐ ቦታ ንዘለዋ ነፍሳት እውን ዝረድእ ኢዩ።

ዝተጠቕሰ ጸጋ ሥርየት ኃጢአት ንምርካብ፡ ካብ ኃጢአት ናጻ ምዃን፡ ምንዛዝ፡ ቅዱስ ቁርባን ብመንፈሳውነት ምቕባል፡ ከም ሓሳብ ር.ሊ.ጳ. ምጽላይ (መብዛሕትኡ ጊዜ ሓደ ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር፡ ሰላም ነኣኺ፡ ስብሓት) ከም ወትሩ ኣድላዪ ቅድመ ኩነት ኮይኑ ዝቕጽል ኢዩ።

1. ናብ ሮማ ብምንጋድ፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣርባዕተ ዓበይቲ ጳጳሳውያን ኣድባራት (ደብረ ቅ.ጴጥሮስ፡ ርእሰ-ኣድባራት ቅ.ዮሓንስ ላተራኖ፡ ደብረ ቅ.ማርያም ዓባይ፡ ደብረ ቅ.ጳውሎስ ኪኖ መንደቕ)፣ ወይ ከኣ ኣብ ሓንቲ ካብተን ነዚ ኢዮቤል ዝተመርጸ ኣብያተክርስትያን ብምኻድ ከም ሓሳብ ር.ሊ.ጳ. ጸሎት ኣዕርግ።

2. ካብዘን ስዒበን ዘለዋ ኣብ ኢጣልያ ዝርከባ ኣብያተክርስትያን ናብ ሓንቲኣን ንገድ። ካተድራል ቅ.ፍራንቸስኮስ ዘኣሲዚ፣ ቤተክርስትያን ድንግል ማርያም ዘመላእኽት- ኣሲዚ፡ ቤተክርስትያን ድንግል ማርያም ዘሎሬቶ፡ ቤተክርስትያን ድንግል ማርያም ፖምፐይ፡ ቤተክርስትያን ቅ.ኣንጦንዮስ ፓዶቫ። ወይ ድማ ኣብ ቅድስቲ ሃገር፣ ቤተክርስትያን ቅዱስ መቓብር -ኢየሩሳሌም፡ ቤተክርስትያን ልደቱ ለእግዚእነ - ቤተልሔም፡ ቤተክርስትያን ብሥራተ-ድንግል - ናዝሬት።

3. ካብቲ ልሙድ ዝኾነ ወጻኢ ናይ ምሕረት ሥራሕ ምፍጻም። እዚ ድማ ንድኻታት ብልግሲ ምምጽዋት፡ ኣባይቲ ሕክምናን ማእሰርትን ምብጻሕ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኪኾኑ ይኽእሉ።

4. ብደረጃ ቁምስና ወይ`ውን ሰበኻ ኣብ ዝዳሎ ሱባኤታት፡ ተልእኾታት፡ ወይ ከኣ ኣብ ሰነዳት ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን ወይ መዝገበ ሃይማኖት መሰረት ዝገበረ መደብ ትምህርቲ እምነት ምስታፍ።

5. ኣብ ሰበኻኻ ዝርከብ ርእሰ ኣድባራት፡ ንድንግል ማርያም ዝተወፈየ መካነ ንግደት፡ ወይ ከኣ ብጳጳስ ሰበኻ ዝተወሰነ ካልእ መካነ ንግደት ዓመተ ኢዮቤል ምብጻሕ።

6. ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሓደ ጊዜ ካብ `ጥቕሚ ኣልቦ መዘናግዒ` ዝኾኑ፡ ከም ማኅበራዊ መራኸቢ፡ ተለቪዥን፡ ቪድዮ ገይም፡ ዝተፈላለዩ ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽናት ዝኣመሰሉ ምጿም (ምቑጣብ)።